# ሓባራዊ ርክብ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
12.05.2007

ብዕለት 11.05.2007 ኣብ መንጎ ብጻይ ኑር ኢድሪስ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራን ኣብ መንጎ ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ሓባራዊ ርክብ ተኻይዱ። እቲ ዕድመ ብኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝቐረበ ኰይኑ፡ ካብ ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ቲ ርክብ ዝተሳተፉ፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፤ ብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር፤ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን ዶክተር በየነ ኪዳነን ነበሩ።

እቲ ርክብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ እዋን ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተጋህደ ተርእዮታትን ኣሕዛኒ ውጽኢታቱን፤ ከምኡ ውን፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ምግምማዕ ብምፍዋስ ይኹን ካልእ ክልቲኡ ሸነኻት ዝሰማማዓሉ ንተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብሓባር ዘዋስእ ምቹእ ባይታ ብምፍጣር ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ዘሎ ተኽእሎታት ተመያየጠ።

ብጻይ ኑር ኢድሪስ፡ ደረጃ ቅርበቱ ይኹን ርሕቀቱ ብዘየገድስ፡ ሓደ ሓባራዊ ጽላል ዝፍጠረሉ ባይታ ንምምቻእ ዕቱብ ጻዕርታት ከካይድ ምጽናሑ ይፍለጥ። ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ዝኾነ ይኹን ርእይቶ ወይ ሓሳብ፡ ምስ'ቲ ንኪዳን ናብ'ዚ ህልዊ ክውንነቱ ዘብጽሐ ተመኵሮ ብወድዕነት ብምዝማድ፡ ብዕቱብነት ክርእዮን ክዛረበሉን ድልው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብጻይ ኑር ኢድሪስ፡ ነቲ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ከቢድ ዕማም ብዓወት ክዛዝሞ ጽቡቕ ትምኒትና ንገልጸሉ።